# ናይ ሓዘን መግለጺ



ብኣጋጣሚ ዕረፍቲ ኩቡር ሓውናን ብጻይናን መቃልስትናን፡ ነፍሰ-ሄር ክብርኣብ ሃብተ፡(ወዲ ባሻይ) ሓጺር ቃል ሓዘን፡ ብስም ኩሎም ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ዲሞክራሲን ፍትሕን፡ ከተማ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኡን፡ ዝተዳለወ ጽሑፍ።

ኩቡር ሓውናን ብጻይናን መቃልስትናን ኣቶ ክብርኣብ ሃብተ፡ ካባና ካብ ማእከልና ብሃንደበታዊ ሞት ክፍለየና ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን ወሰን የብሉን፣ ከመይሲ፡ ነፍሰ-ሄር ክብርኣብ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ልዕሊ 40 ዓመታት፡ ካብ ሃገራት ኣፍሪቃን ማእከላይ ምስራቕ ኣትሒዙ ዝፈለሞ ሃገራዊ ምንቅስቓስ፡ ብምቕጻል፡ ኣብ ከባቢ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኡ፡ ካብ ጸግዕና ከይተፈልየ፡ ኣብ ምምጻእን ምዕዋትን ሃገራዊ ናጽነት፡ ኣብ ምውሓስን ምክልኻልን ምህናጽን፡ ብቕንዕናን ህርኩት መንፈስን፡ ብምልኣት ልቢ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ስርሓት ውድብ፡ ኣብ ዝተፈላለ ጽፍሕታት ሓላፍነታት ተሰኪሙ፡ ክሳብ ዕለተ ዕረፍቱ፣ ሓደ ካብ'ቶም ብጽንዓት ከይተሓለለ ዝተቃለሰን ዘቃለሰን ዘገልገለን ብጻይና ኢዩ። ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ ክፍለየና ከሎ፡ ዝስምዓና ሓዘን ብኡ መጠን እዓዝዚ።

ኮይኑ ግን፡ ሰብ፣ ሰብ ዝገብሮ፡ በቲ ኣብ ዓለም ብህይወቱ እንከሎ ዘበርከቶ ጽሩይ ስራሕ፡ ዝሓድጎ ኩቡር ሕድግታት ስለ ዝምዘን፡ ብጻይና ነፍሰ-ሄር ክብርኣብ፡ በቲ ንህዝቡን ሃገሩን ዝገበሮ ዓብይ ሞያን ኣበርክቶን፡ ንዘለኣለም ብኽብሪ ክንዝክሮ ኢና። ብኣካል እንተተፈልየና፡ ኣብ ውሽጥና ብመንፈስ ንዘለኣለም ነባሪ ኢዩ።

ንስድራ-ቤት ነፍሰ-ሄር ክብርኣብ ድማ፡ ብስም ኩሎም ኣባላት ሓፋሽ ውድባት ህዝባዊ ግንባር፡ ጽንዓት ይሃብኩም ንብል።

ዓወት ንሓፋሽ!!

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና!!

ዋሺንግቶን ዲሲ 3/9/2015